ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቅሮ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ንሆስፒታል ውቅሮ ግልጋሎት ዝውዕሉ መድሓኒት ሜድካል ሳፕላይን ሪኤጀንት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።ስለዚ ዝምልከተኩም መቅረብቲ በቲ አብ ታሕቲ ዘሎ ናይ ጨረታ ረቋሒ መሰረት ክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ መጋቢት 6, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 19, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000.00
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 19, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኬሚካልን ሪኤጀንት/ ናይ መድሓኒት ምህርቲ/ ጥዕና ተንከፍ አቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፍቃድን ንግዲ ስራሕ መረዳእታ ዘቕርብ፤

2 ብቢሮ ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ናይ ግብሪ ከፋልቲ መለለይ ካርድ ቲን ዝተመዝገቡ ምኻኖም መረዳእታ ዘቕርቡን፤

3 ኣብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስ ኣብ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምካኖም መረዳእታ ዘቕርብ፤

4 ናይ ጨረታ መከበሪ ቢድ ቦንድ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሰርተፊኬት /ስፒኦ/ ወይ ብጥረ ገንዘብ 5000.00 ከትሕዝ ዝክእል፤

5 ተጫረቲ እዚ ምልካታ ግልፂ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 05/07/2011 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 19/07/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ቅድሚ ሰዓት ኣብ ዘሎ ግዜ ዘይምለስ ብር 30.00 ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ካብ ሓ/ሆ/ውቅሮ ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምም/ርን ከፊሎም ምዉሳድ ይክእሉ።

6 ተጫረቲ ኣብ ዝመልእዎ ሰነድ ጨረታ ነፀላን ጠቅላላ ዋጋን ምስ ቫቱ ዊዝሆልዲንግ ሓዊሶም ብዝተዓሸገ ፖስታ ናብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቅ ኣተዊ ይገብሩ።

7 ጨረታ ሳንዱቅ ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ዉቅሮ ሆስፒታል ደ/ከ/ስ/ዕደ/ፋይ/ንብ/ምምሕዳር ቢሮ ቁፅሪ 01 እዩ።

8 እቲ ጨረታ ዕለት 19/07/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅደሚ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ዝክፈት ኮይኑ ተወዳደርቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም እንተተረኪቦም ይምረፅ።

9 ተጫረቲ ኣብ ጨረታ ዝተቀመጡ ነጥብታት ግልፂ እንተዘይኮይኑሎም መብርሂ (መማሓየሺ) እንተሃልዩዎም ናይ ጨረታ መክፈቲ ዕለት ቅድሚ ምብፅሑ ቅድሚ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብፅሑፍ ናብ ቤት ፅሕፈትና ከቅርብ ይክእል፤

10 ቤት ዕዮና ጨረታ ምስ ተከፈተ ከም ኣድላይነቱ ናይቱ ዝዕደግ ኣቅሓ ወይ መድሓኒት በዝሒ ክሳብ 20% ክዉስክ ወይ ክቅንስ ይክእል እዩ፤

11 ተጫረቲ ዘሸነፍዎ ኣቅሓ ማለት መድሓኒት ሜድካል ሳፕላይን ሪኤጀንት ብናይ ባዕሎም ትራንስፖርት መፅዓንን መራገፍን ናብ ሆስፒታል ፋርማሲ እሰቶር ኣታዊ ጌሮም ሒሳቦም ክዉስዱ ዝክእሉ፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ ኣቅሓ ወይ መድሓኒት ሜድካል ሳፕላይን ሪኤጀንት ዉዕሊ ብምእሳር 10% ናይቲ ጠቕላላ ዋጋ ዉዕሊ መኽብሪ ብዝተረጋገፀ ባንኪ ቼክ ወይ ብጥረ ገንዝብ ክትሕዙ ግዴታ አለዎም።

13 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-430057 ደዊልካ ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle